# ሰባር ስቕታ

ቱታ ቱታዶ ክብለልካ ወዲ ኣኽርያ ዝያዳ
ቱታዶ ክብለልካ ወዲ ዓደይ ኮርዒዳ
ብዳርባ ጨማቲ ሓናቕ ኳሌታ
ከፋት በሪ ሰባር ስቕታ
ኣለኻዶ ..ኣለኻዶ..ጭልቅዕ ሸዊተ
ብድሎ ንካላሽን ዝመከተ
ኣብዛ ሃገር ሓድሽ ምዕራፍ ዝሰነደ
ኣገናዕ... ንዓለም ኣቢልካያ ወሰደ ወሰደ
ወዲ ወልደኣብ እምበሪኻ ወዲ ዓዋተ።
ሽኮ እግሪ ወዲ ቀይሕ በለቕ
ሆ'ልካ ዝወጻኻ ስለ ፍትሒ ክትጣበቕ
ስለ ውጹዓት ክትሕለቕ
ስለ ርስቲ ክትዋደቕ
ኣበርዶ ኣውጺኦምሉ ቲ ውዕሎኻ
እንታዶ ኣውጺኦምሉ ቲ ወፍርኻ
ትም ዘይበልካ ዳ ተደፍረ እምነትካ
ዘይተዓመትካ ዳ ተዘምተ ርስትኻ
ሃብሮም... ንዓለም ኣርኢኻያ ስሬኻ
ጎይታ ሓቂ.. ወዲ ከቢረ 'ምበሪኻ።
ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣቤቶ ብዶሆ
መፈጠርካ ዘጽልእ ማይ ስርዋ ዒራዒሮ
ከም ዘሎ እናፈለጠ
ምስ መልኣከ ሞት ዝተፋጠጠ
ጅግና ክነሱ ሓደ ኣብ ብርኩ ዝጠነሰ
ኣግኣዚየ ባሃሊ ኣብ ዩ ትዩፕ ዝተደነሰ
ኣምባሳደር ህግደፍ ኮይኑ ዝተመዘዘ
ናይ ቅድም ሕማምና ከይተፈወሰ
ኣብ ሓድሕድ ኵናት ክሸመና ዝተበገሰ።
ኤእ ከይቅየሙኻ ዘም ኣማልኽቲ
ቀው ኢላኮ ሪኣያ ዛማርያም ኣስመርይቲ
ጨው ቀትሪ ክዝመት ቤት ትምርቲ
ኣማዕዲዎንድዩኸአ ቲባዓል ጽላል ኣውሊዕ
ቲ ጕሒላ ርስቲ ዜጋታት ክምንዝዕ
ማዕተብ ተበቲኹ መናዲል ክቐልዕ
ታ ጓል ሓላል ተደቢራ ክትነብዕ
ናዓ ግደፍ ኣይትታዓዘር ኣጋኣዚ
ልኡኽ ሳጥናኤል እምነት ኣይተጋዕዚ
ሰብ ስጋደትን መቑጸርያን ኣይትፈላሊ
ጋሽባርካን ከበሳን ኣይትጎዛዚ
ኤህ ከይብለካ ድያቆን ፈላሲ
ከይግዝተካ ቲበዓል መስቀል ኣባት ነብሲ
ናዓ ዳኣ መስክር ታሓቅስ ዋሓጣ
ዓዲ ዋዒል ጊላ ህግደፍ ዓቒታ
ኣብ ባይታ ኣርኢካዩ ኣኽሪያዊ ሓኔታ
'ቲ ከፋት በሪ ወ ሰባር ስቕታ
ዝነዓቕካዮ የጥንስኳ ዝተባህለ

ካብ ድያእ ነቚሉ ኣብ ከተማ ዝደበለ
መጉልሒ ዓትዒቱ ዕላምኡ ዘነጸረ
ጸላኢኡ ህግደፍ ምዃኑ ዝመደረ
ንህዝቡን ሃገሩን ተኣማኒ ምዃኑ ዘበሰረ
ኣየ ውሕልነት ተባዕ ዕጡቕ ስረ
ብኩርማጀም ግርፍ ኣምሲኻዮም በብእብረ
ወያ ንርብዒ ዘመን ዘይተደፍረ ህግደፍ
ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎእናበለ ጸደፍደፍ
ከም ኣመሉ ንጹሃት ከሕቕቕ እናበለ ሃነፍነፍ
ብወገን ሰሜናዊ ምዕራብ
ዳ **22** ስለጥ ኣርከብ
ወዲ ፍርዙንእናበለ ዘብዘብ
ናይ ፍሊፖስ ነደባባይ ክሕንበብ
ማእከል ከተማ ብ ወዲ ካሳ ክትከበብ
ፖሊስ እቶ እናበለ ዕቕሊሰብ ከጽብብ
ብፍርሒ ዝተዋሕጠ ኢሰያስ ኣብዓዲ ሃሎ
ብራድዮ ርክብ ክከታተሎ
ያኢ ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ተረኺብለይ
ንጹሃት ከኣርዩ ብተመልከተለይ
ብሬንን ዶሽካን ተገዲምለይ።
ኣንታዚኣቶም ሰብ ድዮም ኣጋንንቲ
ከምዘይጉባዕብው ሓጋይ ምስ ክረምቲ
ከምዘይከላበቱ ሰገድቲ ቆረብቲ
ባዕሎም ከምዘይተንከፉ ቆፎ ንህቢ
ነዚ ኩሉ ዝፈልጠ ዝምታ ቤት ትምርቲ
ሓንሳብ ጥሩፋትዮም ዝላኽዎም ጎረባብቲ
ጽንሒሎም ድማ ይብሉ ብሂረ ጀበርቲ
ሓዊ ክዘርኡልና ሰለም ዘየብሉ ለይቲ
ሎምስካኣ ጨርቆም ደርብዮም ብዕብዳን
ተሓዋዊስና ምስ ረኣዩና ከም ማይን ጸባን
ደቂ ዕቁብ ምስ ኮና ሳዕድያን ሳባን
ምስተዓራረኹ ተስፋይንዓብደላን
ከም ቀደም ከይመስለኩም ንቒሑዩ ህዝቢ
ኩሉ ፈንፊንኩም ንእሽቶ ምስ ዓቢ
ኤህ ኢልኩምዩ እቲ ዓጣን ደብሪ
ደጊም ተሰይርዩ ቲስቕታ ተኸፊቱ በሪ
ኣኺሉዩ ቲ ወቕቲ ትወዲኡ ዕምሪ
ከምታኢድኩም ክትስእኑ ቀባሪ
ኣቱም ካሕዶት ጠላማት ሕድሪ።

*ዓይኒ ንስሪ*

*ወዲ ኣስመራ 06-11-2017*